Flüchtlingsrat Niedersachsen e.V.

LAG·FW

Freie Wohlfahrtspflege in Niedersachsen

ሕታም 12 2016

*ነጻ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ኣብ ኒደርሳክሰን ስደተኛታት ኒደርሳክሰን*

## ናይ ዕቑባ ጽላል ተፈላጥነት ረኺቡ

**ካብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ሓደስቲ ምጻእን (በኣ.ኤም.ኤፍ) ሓደ ደብዳቤ ይመጸካ እሞ እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ጽሑፍ ድማ**

**1, ናይ ዕቕባ ጽላል ንክወሃበካ ተወሲኑ ።**

**2. ወይ ድማ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ተነጺጉ ፤**

**ዝብል ምስዝኸውን ፡ እዘን ዝኽተላ ሳዕቤናት ኣለዎ። ብናይ ጀነቫ ውዕል መሰረት ፡ ናይ ስደተኛ ዘብለኻ ትሕዝቶ ተቐባልነት የብሉን ማለት፡ እቲ ዝወሓደ ንስደተኛታት ዝወሃብ ሓለዋ ጥራይ ይወሃበካ ማለት እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት፡ ነቲ ዝተዋህበካ ውሳኔ ድሕሪ ምርኣይ፡ ንሓደ ዓመት ጥራይ ዘገልግል ናይ መንበሪ ፍቓድ ትቕበል።**

**እቲ ናይ በኣ.ኤም.ኤፍ ውሳኔ ካብ ዝተቐበልካሉ እዋን ኣትሒዙ፡ መንግስታዊ ሓገዝ ደረጃ 2 ዝበሃል ክትረክብ ትኽእል። ናይዚ ውሳኔዚ ጽጹይ መረዳእታ ክትፈልጥ ምስእትደሊ፡ ምስቲ ናይ ስደተኛታት ኣማኻሪኻ ተዛተ። እዚ ኮይኑ እቲ ን፡ ዋላኳ ንተተነጸግካ፡ ዝያዳ ገንዘብ ኢኻ ትቕበል።**

**ይኹን እንበር ካብ ወጻኢ፡ ዝመጹ ቤተሰብ ምስዝህልውኻ ግን፡ ምጥርናፍ ስድራ ቤትካ ክሳብ 2018 ቪዛ ኣይወሃብን እዩ።**

**ቤት ጽሕፈት በኣኤምኤፍ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣትሒዙ ናብ ኤውሮፓ ዕቑባ ንዝሓቱ ሶርያውያን መሰል ናይ ዕቑባ ተፈላጥነት ትህቦም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ንሃገሮም እንተድኣ ተመሊሶም ፖለቲካዊ ግፍዒ ኣብ ልዕሊኦም ስለዝካየድ እዩ። ስለምንታይ ካብ ዝሓለፈ ቅሩብ ኣዋርሕ ጀሚሩ ቤት ጽሕፈት በኣኤምኤፍ ካብዚ ውሳኔታት እዚ በብቑሩብ ከተልግስ ትርአ ብዙሕ ግዜ ንጹር ኣይኮነን።**

**ናይ „ ዕቕባ ጽላል„ ዝብል ብይን ዝተዋህቦም ሶርያውያን፡ ኣንጻር እቲ ብይን ጥርዓን ከቕርቡ ይኽእሉ። ነዚ ዝምልከቶ ኣድራሻ ናይቲ ዝቕርብዎ ቤት ጽሕፈት ድማ ፡ ኣብቲ መወዳእታ ገጽ ናይቲ ናይ ውሳኔ ወረቐት ተጻሒፉ ይርከብ። ሓደ ሰብ ብኣካል ኣብቲ ቦታ እቲ ብምኻድን ነቲ ውሳኔ ብምርኣይን ነዚ ዝስዕብ ይገልጽ።**

**ኣነ ነዚ ውሳኔ እዚ ብምቕዋም ጥርዓነይ የቕርብ። ከም ስደተኛ ተፈላጥነት ክረኽብ የሓትት ማመልከቻይ ድማ የቕርብ።**

**ኣብ ቤት ፍርዲ ሓደ ጠበቓ ወይ ሓንቲ ጠበቓ ንዓይ ወኪላ ጉዳየይ ክትከታተል ድማ እሓትት።**

ነዚ ጥርዓንዚ ንምድላው ሰራሕተኛታት ቤትፍርዲ ክተሓባበሩኻ ይኽእሉ።

**ጥርዓንካ ኣብ መንጎ ክልተ ሰመን ክቐርብ ኣለዎ ንዝብል ናይ ግዜ ገደብ ናይ ግድን ሓሉ። እትን ክልተ ሰሙናት ደብዳቤ ካብ ዝተቐበልካሉ ዕለት ኣትሒዘን ስለዝቑጸራ፣ እትን ናይ ግዜ ገደብ ምስ ዘይትሕሉ ፥ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ከም ዝተነጽገ ፍለጥ።**

እቲ ዝበለጸ ሓደ ወይ ሓንቲ ጠበቓ ብጉዳይ ተፈላጥነት ዕቑባ ተመክሮ ዘለዋ ድለ። ኣብ ምድላይ ክኢላ ጠበቓ ሓደ ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ወይ ናይ ስደተኛታት ኣማኻሪ ወይ ወለንታውያን ተቐሳቐስቲ ክሕጉዝኻ ይኽእሉ።

ሓደ ጠበቓ ምስ ዘካይዶ ጉዳያት ገንዘብ እናኽፈልካ ኮይኑ ገለ ካብኡውን ዕርቡን ብምኽፋል ይኸውን። ኣብ ወርሒ ወርሒ ኽኽፈል ከምዝኽኣል ኣይትዘንግዕ። ነዚ ጠበቓ ዘካይደልካ ጉዳያት ክሳብ 1000 ኤውሮ ክበጽሕ ይኽእል። እቲ ገንዘብ ኣብ ብዝሒ ናይታ ስድራ ቤትን ኩሎም ድማ በቲ ጉዳይ ዝትንከፉ ዘይትንከፍን ምኽኑ ይምርኮስ። ኣብ መወዳእታ እቲ ቤት ፍርዲ እንተድኣ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ፈሊጡልካ ግን እታ መንግስቲ እቲ ኣቐዲምካ ንጠበቓ ዝኸፈልካዮ ገንዘብ ተሕውየካ እያ።

ሓደ ወይ ሓንቲ ጠበቓ ናትካ ናይ ውልቃዊ መንነት ዝርዝራት የድልያ ። ማለት ሽም፡ ዕለተ ትውልድ ፡ህልው ኣድራሻ ፡ ቁጽሪ ስልኪ ፡ እቲ ውሳኔ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ሓድስቲ ምጻእን ከምኡ ውን ቅዳሕ ናይ መንበሪ ፍቓድካን የድልያ።

## ኣስተውዕል

ናብ ቤትፍርዲ ምስከድካ ጉዳይካ ብቶሎ ተሳሊጡ ሓደ ኣዎንታዊ ውሳኔ ክወሃበካ ውሕስነት የለን። እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳኔ ነዊሕ ግዜ ከምዘድልዮ ፈሊጥካ ተጸበ። ወላ ውን ኣብ ቤት ፍርዲ እንተተዓወትካ ቤተሰብካ ሽውሽው ተምጽእ ማለት ኣይኮነን ። ዝበዝሕ እዋን ቤት ጽሕፈት በኣኤምኤፍ ክትጽበ ከምዘለካ ትምሕጸን።

ንዝኮነ ይኹን ናይ ቤትፍርዲ ውሳኔ ዘድልዮ ጉዳይካ ብንጹርን ብጽፉፍን ኣቕርብ። ከምዚ ምስእትገብር ከምስደተኛ ተፈላጥነት ናይ ምርካብ ዘለካ ዕድል፡ ዝዓበየ ይኸውን።

ምኽሪ ካብ ካልኦት ውሰድ !!!